# ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ኣብ ካልጋሪ

ኣገልግሎት ፖሊስ ካልጋሪ ነቲ ንመሰል ናይ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ናጽነትን ሰላማዊ ምትእኽኻብን ዝገልጽ ቻርተር ኣፍልጦ ይህበሉ ኢዩ። ንተቐማጦን በጻሕትን ንግድታትን እውን ኣብ ውሑስ ሃዋህው ናይ ምህላው መሰሎም  ኣፍልጦ ንህበሉ ኢና ።

**ንሕና ንእምነታት ዘይኮነ ንተግባር ኢና ንቆጻጸር ።**

ንተቓውሞታትን ሰልፍታትን ዝምልከት ዝርዝር ክፋላት ናይ ሕግታትን ስርዓታትን ንምርካብ፡ Calgarypolice.ca. እቶ

## ቅድሚ ምኻድካ :

- ሕግታትካን ስርዓታትካን ፍለጥ

  ቻርተር መሰላትን ናጽነታትን ካናዳ፡ ክፍሊ 2፡ ነቲ ዝመረጽካዮ ናይ ምእማንን ርእይቶኻን ክብርታትካን ናይ ምግላጽ መሰልካ ውሕስነት ይህብ። ይኹን እምበር ሰላማዊ ሰልፍታት ጥራይ እዮም ውሕስነት ዝወሃቦም ከምኡ ድማ ኩሎም በቲ ቻርተር ውሕስነት ዝወሃቦም መሰላት ርትዓዊ ደረት ኣለዎም። ዝኾነ መሰል ፍጹም ኣይኮነን።
- መሰላትካን ሓላፍነታትካን ፍለጥ
- ተራ ናይ ፖሊስ ፍለጥ
- ንተግባራትካ ሕሰበሎም
- ምስ ፖሊስ ተዘራረብ ከምኡ ውን ሕቶታት ሕተት

## ንመን ትሓትት

ሰላማዊ ጉዳያት ንምስላጥ ፣ ኣገልግሎት ፖሊስ ካልጋሪ ኣባል ኣራኻቢ ፖሊሰ (PLT)፣ ምስ ውልቀ ሰባትን ጉጅለታትን ይተሓባበር። ኣራኸብቲ ፖሳይስ ነቶም ጉዳያት ከዳልዉ ወይ ክሳተፉ ዝሓስቡ ሰባት ቀንዲ ምንጪ ሓበሬታ ኢዮም።

ምስ ኣራኸብቲ ፖሳይስ ክትራኸብ እንተ ደሊኻ፡ ናብ PLT@ **calgarypolice.ca.** መልእኽቲ ስደድ።

ኣብ **calgarypolice.ca.** ዘሎ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ዝብል ገጽ ዝወስድ QR CODE

CALGARY POLICE SERVICE

## ክትገብሮም እትኽእል :

- መሰልካ ንምርግጋጽ ብሰላም ምትእኽኻብ
- ሓሳባትካን እምነታትካን ርእይቶኻን ምግላጽ
- መልእኽትኻ ብሕጋዊ መንገዲ ምብጻሕ
- ማሕበራት ናይ ሙቓም ነጻነት

## ክትገብሮም ዘይትኽእል:

- ንኈደናታት ምዕጻው
- ህውከት ምፍጣር ወይ ኣብ ዕግርግር ምስታፍ
- ኣብ እዋን ዘይሕጋዊ ምትእኽኻብ ወይ ውን ገበናዊ በደላት ንምፍጻም ብምሕላን ሽፋን ምልባስ
- ንትእዛዛት ቤት ፍርዲ ዘይምኽባር
- ንዝኾነ ይኹን ሰብ ሙግዳእ ወይ ምህሳይ
- ከም ንብዓት ዘንብዕ ጋዝ ዝኣመሰለ ዘጠቓልል ዝኾነ ዓይነት መሳርያ ምሓዝ
- ኣብ ናይ ግሊ ንብረት ብዘይፍቓድ ምእታው
- ንሰልፊ ምዕጋት

## ግድን ክትገብሮ ዘለካ:

- እንተ ደኣ ዋና ንብረት ወይ ወኪል ካብ ናይ ግሊ ዋንነት ክትወጽእ ሓቲቱካ ብቕጽበት ውጻእ። እንተደኣ ምውጻእ ኣቢኻ ክትእሰርን ከምኡውን ብዘይፍቓድ ናብ ናይ ግሊ ንብረት ኣቲኻ ተባሂልካ ክትክሰስ ትኽእል።
- እንተደኣ ብናይ ሰላም ብዓል መዚ ኣብ ቀይዲ ኣቲኻ ውልቃዊ ሓበሬታኻ ሃብ። ውልቃዊ ሓበሬታኻ ክትህብ ብሕጊ ትሕተት ኢኻ። እንተደኣ ከምኡ ዘይጌርካ ብገበን ክትክሰስ ትኽእል።

## ተራ ናይ ፖሊስ

**ፖሊስ ኣገልግሎት ካልጋሪ ዝገብሮ**

- ሰላም ምዕቃብ ከምኡ ውን ናይ ህዝቢ ድሕንነት ምሕላው
- ምስ ኩሎም በቲ ፍጻመ ዝተጸልዉ ሰባት ምትሕብባር
- መንገድታት ኣብ ዝተዓጸጸወሉ ግዜ: ነቲ ኣብ ልዕሊ ተጻዓዝቲ ህዝቢ ዘስዕቦ ጽልዋ ንምንካይን ናብቲ ስሩዕ ኣካይዳ ትራፊክ ንምምላስን ጸዕርታት ምግባር
- ካብ ናይ ግሊ ንብረት ክወጹ ንዝተሓተቱ ሰባት ንምውጻእ ምስ ዋናታት ንብረት ምትሕብባር
- ገበናዊ በደል ምምርማር
- ንዝይሕጋዊ ፍጻመ ብግቡእ ኣገባብ ምላሽ ምሃብ። ዓመጽ ኮነ ገበናዊ ንጥፈታት ኣይክንጸወሮን ኢና።

## ንተግባራትካ ሕሰበሎም

ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ሰልፊ ተቓውሞ ምክያድ ንመጻኢኻ ክጸልዎ ይኽእል ኢዩ። ገበናዊ መዝገብ ክህልወካ ዝገብሩ ክስታት ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ከኸትሉልካ ይኽእሉ:

- ናይ መገሻ ገደብ
- ውሱን ናይ ስራሕ ዕድላት ክህልወካ
- ጽልዋ ኣብ መድሕን ወይ ክራይ ገዛ ክትረክብ ናይ ዘሎ ተኽእሎ
- ፋይናንሳዊ ጸገማት ብሰንኪ ናይ መቕጻዕቲ ክፍሊታት
- ትእዛዝ ቤት ፍርዲ ምስ እትጥሕስ ተወሳኺ ሕጋዊ መቕጻዕቲ